# ፈለስጤምን ኣህጉራዊ ጽዮንነትን

ቀንዲ ተቀማጦ ፈለስጤም ካንዓናውያን ይባሃሉ ነሮም ። ንሳቶም እዮም ድማ ነቲ ዝቕመጡዎ ዝነበሩ ቦታታት ኣስማት ዝሃቡ ። ካንዓውያን ዘርኢ ሳም ዝኾኑ ዓረብ እዮም ። ኣሰራቶም ድማ ኣብቲ ዝነብሩዎ ቦታታት ሱሪያ ፣ ሊባኖን ፣ ጆርዳንን ፣ ብሓፈሻ ኣብ ሓውሲ ደሰት ዓረብን ይርከብ ። ንምሳሌ ብማዒናውያን ዝፍለጡ ኣብ የመን ዝርከቡ ዓሌታት ጆፍ ሃይማኖታዊ ቋንቋኦም ብካንዓንኛ ይፍለጥ ። ካናዕ ድማ መታሕት ማለት እዩ ። መሬት ፈለስጠም ካብ 3300 ዓመታት ኣትሒዛ መሬት ካንዓናውያን ትባሃል ነራ ። ፈለስጤም ካብቲ ጆግራፊካውን ኣገዳሲ እትራትጂካዊ ኣቀማመጣን ዝተበገሰ ዝተፈላለየ ስልጣኔታት ሓቑፋ እያ ። ከምኡ ድማ ፍሉይ ሃይማኖታዊ ቦታ ዝሓዘት መሬት እያ ። ሰለስተ ሽሕ ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ፣ ነብይ ኣብራሃብ ካብ ኦር መሬት ዕራቅ ናብዛ መሬት መጽኡ ። ነብይ ኣብራሃም ድማ ኣቦ ሓጉኡ ነቲ ብእስራኤል ዝፍለጥ ነብይ ያዕቆብ እዩ ። ኣብቲ እዋን ፈለስጤም ከምቲ ኣብ ሰሜናዊ መሬት ግብጺ ኣብ ታል ኣልዓማርና (ኩጆት ዓማርና) ዝተረኽበ ጥንታዊ መልእኽትታት ከም ዘመልክቶ ፈለስጤም ዝብል ሽም ኩሉ እቲ ካንዓናውያን ዝነብሩሉ መሬት ዝጽዋዓሉ ዝነበረ ሽም ምዃኑ ስለዘመልክት ኣብ ትሕቲ ግብጻዊ ሃጸይነት ከምዝነበረት ይፍለጥ ።

ንሙሉእ ፈለስጤም ጥምየት ዘጋጠመሉ ዘመን ፣ ያዕቆብ ደቁ ሒዙ ንግብጺ ኣምሪሑ ነሩ ። ናብ መሬት ካንዓን ድማ ብግዜ ነብይ ሙሴ ተመልሶም ። ብግዜ ነብይ ዳዊት ድማ ጃሉጥ ንጉስ ካንዓናውያን ስዒሩ ኣብ ኢዮረሳለም ንግስነት እስራኤል መስረተ ። ድሕሪኡ ንግስነት ነብይ ሶሎሙን ወዲ ዳዊት ብ950 ቅልከ (ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ) ቀይሙ ። እዛ ንግስነት ድማ ብንጉስ ግብጺ ሽሻንቅ ፈሪሳ ። ብ721 ቅልከ ድማ ኣሹራውያን ተቆጻጽሮምዋ ናቡኻዝ ናስር ንጉስ ባቢሎን ንኢዮረሳለም ተቆጻጽሩ ብምሉኣ ኣዕነዋ ። ንብዙሓት ኣይሁዳውያን ብዘይካ ድኻታት ተረፍ ዘይብሉ ፣ ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ተጠቂሱ ዘሎ ንባቢሎን (ዒራቅ) ኣግዓዞም ። ድሕሪዚ ፋርሳውያን ብ 539 ቅልከ ክሳብ ግሪካውያን ዝቆጻጸሩዋ ንኢዮረሳለም ተመሊሶም ታቦቶም ዳግም ክሃንጹ ኣፍቀዱሎም ። ኣስታት 165 ቅልከ ድማ ራብዓይ ኣንጢኾስ ኣይሁዳውያን ኣንጻሩ ውዲት ስለዘካየዱ ንታቦቶም ኣፍርሱ ፣ ኣረምናዊ ግሪካዊ ሃይማኖቱ ከምልኹ ገደዶም ። በዚ ከምዚ ድማ ፈለስጤም ብሰንኪ እቲ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ነገስታት ዝግበር ዝነበረ ወራራት ፣ ክሳብ ምዕራባዊ ሮማውያን ፣ ድሕሩ ድማ ምብራቃዊ ሮማውያን ዝሕዙዋ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ህውከትን ውግኣትን ትነብር ነራ ። ኣይሁዳውያን ዝኾነ ኣብያተ ጸሎት ከይሰርሑ ኩልኩላት ነሮም ። ባዓለ ትንሳኤ ምስቲ ዕለተ ባዓሎም ስለዘጋጠመ ዕሌት ናይቲ ባዓሎም ክቕይሩ ይግደዱ ነሮም ። ኣብ ክርስትና ክኣትዉ ድማ ይደፍኡዎም ነሮም ። እንተዳኣ ኣይሁዳዊ ናብ ሃይማኖቱ ተመሊሱ ድማ ብህይወቱ ኣብ ሓዊ የንድዱዎ ነሮም ። ጽልኢ ናይ ኣይሁዳውያን ኣብቲ እዋን ኣዚዩ ብርቱዕ ነሩ ። ክሳብ ፍርቂ ዓሰርተ ሽውዓተ ክፍሊ ዘመን ድማ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ነራ ። ብግዜ ሃጸይ ሃድርያን ኣስላም ንፈለስጤም ክሳብ ዝኣትዉ ንኣይሁዳውያን ኣብ ኢዮረሳለም ከይቅመጡን ፣ ከይኣትዉን ተኸልክሎም ይስጎጉን ይቅተሉን ከም ባሮት ይሸየጡን ነሮም ። ሃጸይ ቆስጣንጢን ክርስትና ዕላዊ ሃይማኖት ናይ ሃገር ምዃና ምስ ኣወጀ ድማ ክርስትያናዊ ተርእዮታት ኣብ ኢዮረሳለም ክረኤ ጀምሩ ብ 326 ዓም ድማ ትንሳኤ ቤተክርስትያን ተሰሪሑ ። ካቶሊካዊ መገዲ ዝሓዘ ስለዝነበረ ፣ ጉዳዩ ንኦርሶዶክሳውያን ክርስትያን ዘቆጠዔ ነገር ኮይኑ ነሩ ።

**ምእታው ምስልምና ንፈለስጤም**

ኣስላም ንፈለስጤም ዝኣተዉ ንሮማውያን ብመሪሕነት ኻሊፋ ዑማር ኢብን ኣልኻጣብ ኣብ ውግእ ኣጅናደን ደቡባዊ ምዕራብ ኢዮረሳለም ምስ ሳዓሩ እዮም ። ኢዮረሳለም ብዝምልከት ድማ ሰራዊት እስላም ብ638 ዓም ንክብሪ ሃይማኖት ፣ ንቁልፈታት (መፋትሕ) ጀሮሳለም ካብ ሰብ ሃይማኖት ክርስትና ብኢድ ጳጳስ ኢዮረሳሌም ሰፍረንዮስ ብሰላማዊ መገዲ እዮም ተረኪቦምዎ ። ብዉዑል ዑመር ዝጽዋዕ ስምምዕ ድማ ተገብረ ፣ ትሕዝትኡ

ድማ " ክርስትያንን ኣይሁዳውያንን እምነታቶም ይኹን ኣብያተ ጸሎታቶም ከይትንከፍ ፣ ከምቲ ዘሎዎ ዝኾነ ተጸዕኖ ይኹን ምቅያር ወይ ጸቅጢ ከይተገብረሎም ብነጻ ከቅጽሉ " ዝብል ነሩ ። ምምሕዳር እስላም መስቀላውያን (ኩሩሰይዳርስ)ንፈለጤም ምስ ኣተዉ ተደምድሙ ። መስቀላውያን ድማ ኣብ ኢዮረሳለም ካብ 1095 – 1102 ዓ ም ዝቀጸለ ንግስነት ኣቆሙ ። ካብ ኣመንቲ ምስልምና ተቀማጦ ፈለስጤም ኣሻሓት ቀቲሎም ገለ እውን ካብ ኣይሁዳውያን ። ንመስጊድ ቁባት ኣልሳኽራ ናብ ቤተ ክርስትያን ለዊጦምዎ ፣ ከምኡ ድማ ንገለ ክፋል መስጊድ ኣልኣቅሳ ። ግዝኣቶም ንኣስታት 90 ዓመት ቀጽሉ ። ብግዜ ውግእ ምስ መስቀላውያን ሳላሓዲን ኣልኣዩቢ ድሕሪ ውግእ ሕጢን ብ 1260 ዓም ኢዮረሳለም ኣቲዩ ግዝኣት እስላም ቀጽሉ ። ከምኡ እውን ኣብ መዳእታታት ውግእ መስቀላውያን 1260 ዓም ፣ ኣስላም ኣብ ልዕሊ እቲ ብሆላኮ ዝምራሕ ዝነበረ ወራር ስራዊት ሞንጎላውያን ብመሪሕነት ሱልጣን ሳይፍ ኣልዲን ቃጣዝ ዓወት ኣመዝግቦም ። እንደገና ብመስቀላውያን ተገዚኣ ነራ ድማ ፣ ብብሩኽ ንጉስ ዝፍለጥ ፣ ናጅማዲን ድማ መሊሱዋ ።

መስቀላዊ ውግኣት

እዚ ብመስቀላዊ ውግኣት ዝፍለጥ ውግእ ብመጸዋዕታ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዝተዳለወ ፣ ዕላማኡ ኢዮረሳለም ምምላስን ፣ ምብራቃዊ መሬት እስላም ሓራ ምውጻእን ፣ ንምስፍሕፋሕ ምስልምና ናብ ኢሮፓ ገጹ ምግታእን ዝብል ኮይኑ ፣ ኣብ ልዕሊኡ ካልእ ሕቡእ ዘይታኣወጀ መግዛእታውን ቁጠባዊ ዕላማታት ምስፍሕፋሕ ነሩዎ ። ካብ 1096 – 1291 ዓም ዝቀጸለ 8 መሰረታዊ ወራራት ድማ ተኻይዱ ። ኣብቲ መጀመሪያ ብወራር መሳፍንቲ ዝፍለጥ 1099 ዓም ዝተኻየደ ውግእ ንኢዮረሳለም ንምሓዝ በቒዖም ። ብዙሕ ናይ ኣስላምን ኣይሁዳውያንን ደም ድማ ፈሲሱ ። ክርስትያን ፈለስጤማውያን እውን ዝሓወሰ ጭካኔታት ዝመለኤ ዘስካሕክሕ ቅትለታትን ግፍዓታትን እውን ተፈጺሙ ። ብግዜ መስቀላዊ ውግኣት ድሕሪ ውግእ ሕጢን ብ1187 ዓም ሳላሕ ኣልዲን ኢዮረሳለም ኣቲዩ ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዓረብ ድማ ዝተፈላለዩ እስላማውያን ነገስታት ድሕሪ ምንባሮም ፣ ፈለስጤም ብግዜ ቀዳማይ ሱልጣን ሳሊም ብ 1516 ዓም ትሕቲ ግዝኣት ዑስማናውያን ቱርኪ ኣቲያ ። ግዝኣቶም ክሳብ እንግሊዛውያን ብ1918 ዓም ንፈለስጤም ዝሕዙዋ ቀጽሉ ። ግዝኣት እስላም ንፈለስጤም ድማ ብሓፈሻ ኣስታት 450 ዓመት ጸንሑ ።

ኩነታት ናይቶም ቅድሚ ኣሻሓት ዓመታት ዝተሰዱ ኣይሁዳውያንን ፣ ኣይሁዳዊ ሃይማኖት ዝተኸተሉን ኩሎም ኣብ ትሕቲ እስላማዊ መንግስታት ይኹን ኣብ ትሕቲ መንግስታት ምብራቅ ወይ ምዕራብ ኢሮፓን ኣመሪካን ከመይ ነሮም ?

ምውጻእ ኣይሁዳውያን ካብ ፈለስጤም ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት እዩ ነሩ ። ቐንዲ ጠንቅታቱ ድማ እቲ ኣብ መሬት ፈለስጤም ዝካየድ ዝነበረ ዝተፈላለየ ውግኣት እዩ ። ቁጽሮም እንዳበዘሔ ከይዱ ኣካል ናይቲ ዝነበሩዎ ሃገራት ኮይኖም ድማ ክኸዱ ጸኒሖም ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ሃይማኖታዊ እምነቶም ፣ ምስቲ ኣብ ሞንጎኡ ዝነብሩ ሕብረተሰብ ተሳንዮም ክነብሩ ስለ ዘይካኣሉ ፣ ክሳብ በይኖም ዝነብሩሉ ፍሉይ መስፈሪ ቦታታት ነሩዎም ። ዝምድናታቶም ምስ ካልእ ሰማያዊ እምነታት እውን ሓርፋፍ እዩ ነሩ ። ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ፣ ማለት ዜና ፣ ሲናማ ስራሓት ፣ ትያትር ፣ ከምኡ እውን ኣብ ስነ - ጽሑፍ ግደ ስለዝነበሮም ብክርስትና ይላገጹን ንኢዮሱስ ክርስቶስ ዘናሹ ጽሑፋት ይጽሕፉን ነሮም ። ስለዚ ድማ ክርስትያናዊ ሕብረተሰብ ይጸልኦም ነሩ ፣ ብእየሱስ ክርስቶስ ዘይኣምኑ ንእየሱስ ዝቀተሉ ኣረመን ይብሎም ነሩ ። ብተወሳኺ ብፖለቲካውን ቁጠባዊ መዳያት ፣ ጠቅሚ ኣይሁዳውያን ልዕሊ ኩሉ ዘገድሶም ኮይኖም ፣ ንቁጠባዊ ትካላት ብምግባት ህዝቢ ንመንግስታት ክጸልእ ሕማቅ ግደታት ዝተጻወቱን ገሩ ይቆጽሮም ነሩ ። ከምኡ እውን ብሕማቅ ስነምግባር ይኽሰሱ ነሮም ። ንምሳሌ ኣብ

ዘመነ ሓድሽ ታሪኽ መጀመሪያ እዋን ናይ ምንዝርናን (aberration) ብዕልግናን ትያትራት ዘርኣዩ ኣይሁዳውያን እዮም ። ከምዚ ዝኣምሰለ ተግባራት ድማ ኣንጻሮም ሰውራን ጽልእን ፈጢሩ ። ጉዳዩ ማዕብሉ ከምቲ ብግዜ ናዚ ኣብ ጀርመን ዝተገብረ ኣብ ልዕሊኦም ቅትለትን ምስጓግን ይፍጸም ነሩ ። ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ድማ ከም ኣብ ብሪጣንያ ፣ ፈረንሳ ፣ እስባንያ ፣ ቾኮዝሎፓኪያ ፣ ኪየፐ ፣ ልትዋንያ ፣ ኢጣልያ ፣ ስወስራ ፣ ሃንጋሪ ፣ ፖላንድ ፣ ቦርቱጋል ይቅተሉን ይስጎጉን ነሮም ።

እቲ ዉሩይ ጋዜጠኛን ጻሓፍን ኣይሁዳዊ ኣዉስትርያዊ - ሃንጋርያዊ ቴዮዶር ሄርትዘል ፣ ንኣይሁዳውያን ክገልጽ ከሎ " ኣይሁዳዊ ፣ ብፍጥረቱ ምስ ካልኦት ህዝብታት ወይ ምስ ዝኾነ ካልእ ሕብረተሰብ ክነብር ኣይክእልን እዩ ፣ ናይ ሁውከትን ዕግርግርን ፣ እምቢታን ፣ ዘራጊ ሰብን እዩ " ይብሎ ። ቴዮዶር ሄርትዘል ድማ እቲ 1896 ዓም ኣይሁዳዊት ዳውላ ዝብል ኣርስቲ ዝሓዘ መጽሓፍ ዝጻሓፈን ፣ ናይ ኣይሁድ ዳውላ ክትምስረት ኣሎዋ እሉ ዝጸወዐን ሰብ እዩ ። ካብዚ ሓሊፉ ንናይ ኢሮፓ ነጋውስ ፣ ህላወ ናይ ኣይሁዳውያን ኣብ ሞንጎ መንግስታቶም ንጠቅሞም ከምዘይኮነ ኣዕግቡ ፣ እዘን መንግስታት ካብ ሓደጋታቶም ንምድሓን ፣ ነቲ ንኣይሁዳውያን ሃገር ወይ ዳውላ ምምስራት ዝብል ሓሳባት ናይ ጽዮናውያን ክድግፉ ኣዕግቡዎም እዩ ።

እንተ ኩነታት ኣይሁዳውያን ኣብ ሃገራት ኣስላም ፣ ኣብዘን ሃገራት ኣይሁዳውያን ብብዝሒ ነሮም ። ንምሳሌ ብዘመን ኻሊፋ ሃሩን ኣልራሺድ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ኣገዳሲ ናይ ስራሕ ቦታታት ሒዞም ነሮም ። ኣማሓዳሪ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ኣይሁዳዊ ሓና ማስንያ ነሩ ። እስላም ንሃይማኖቶም ይኹን ወገኖም የቅልቡ ኣይነበሩን ። ኣብ ዓሽራይ ክፍለ ዘመን ሓለፍቲ ኣብያተ መድሃኒታትን ሓለፍቲ ባንክታት ነሮም ። ብ 1170 ዓም ኣብ ባቅዳድ 40000 ኣይሁዳውያን ነሮም 28 ኣብያተ ጸሎት ድማ ነሩዎም ። ኣብ ቱኒስያ ኣብ ቀሮዋን ኣብያተ ትምህርትን ዝተፈላለየ መደበራትን ነሩዎም ። ምሁራትን ፈላስፋታትን ነሮሞም ። ናይ ኡማዊዪን ኻሊፋ ዓብዱልሩሕማን ሓኪም ናቱ ኣይሁዳዊ ነሩ ። ማርክ ኮሄን ኣመሪካዊ ኣይሁዳዊ ተማራማሪ ታሪኽ ድማ ፣ ኣይሁዳውያን ኣብ ትሕቲ ጽላል እስላም ብሰላምን ስኒትን ምትሕብባርን ይነብሩ ነሮም ኢሉ ይምስክር ። ብ1490 ዓም ኣብ ባዓል እስባንያን ፖርቱጋልን ኣብ ልዕሊኦም ጃምላዊ መቅተልትን ምብራርን ክፍጸም ከሎ ፣ ናብ ቆስጣንጢኒያ እዮም ዝሃድሙ ዝነበሩ ። ናይ ቱርኪ ኢምብራጦሪያ ድማ ትቅበሎም ነራ ። ነዚ ብጽቡቅ ናይ ምቅባል ተግባራት ዘረጋግጽ ድማ ፣ ዝላዓለ ኣይሁዳውያን ሓላፊ ኣብ ጀርመን ኣብ ዘቅረቦ መጻዋዕታ " ኣብ መሬት ቱርኪ ንምንባር ይኹን ናብ ቅድስቲ መሬት ንምግዓዝ መገዲ ክፉት እዩ ። ዝኾነ ነገር ዘይጎድላ ምቹእ ኩነታት ዝርከባ ሃገር እያ ፣ ካብ ኣብ ትሕቲ ክርስትያን ትነብሩ ኣብ ትሕቲ ኣስላም ምንባር ይሕሸኩም " ዝብል ጻዊዒት ኣቅርቡ ነሩ ። ከምቲ ዝገለጾ ድማ ኣብቲ እዋን ንኣይሁዳውያን ኣብ ፈለስጠም ምእታው ክልኩል ኣይነበረን ።

እዚ ሓፈሻዊ ምንጽጻር ብዛዕባ ኩነታት ኣይሁዳውያን ኣብ እስላማዊ ሃገራትን ካልእ ቦታታት ዓለምን ክኾውን ከሎ ፣ ዝኾነ ዓይነት ጭቆና ኣይነበረን ማለት ኣይየሰምዕን ፣ ብፍላይ ድማ ንፈለስጤማውያን ኣባርሮም ፈለስጤም ንምጉባጥ መደባት ሰሪዖም ምንቅስቃስ ምስ ጀመሩ ።

ብሔራዊ ሃገር ንኣይሁዳውያን ምምስራት ዝብል ርእይቶ ፣

ኣይሁዳውያን ብሰንኪ ምረት ኩነታቶምን ፣ ኣብቲ ዝነብሩዎ ሃገራትን ምስ ጠባያታቶ ብዝተታሓሓዘ ምኽንያታትን ብሰላም ምንባር ስለዘጸገሞምን ፣ በይኖም ዝነብሩላ ሃገር ኣብ ምንዳይ ተዋፊሮም ። ብ 1896 ድማ ኣይሁዳዊ ቴዮዶር ሄርትዘል ንኣይሁዳውያን ዝኾውን ሃገር ንምምስራት ፣ ኣይሁዳዊት ሃገር (ዳውላ) ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘ መጽሓፍ ሓቲሙ ። ቀዳማይ ጉባኤ ኣይሁዳውያን ብዕሌት 29 ነሓሴ 1897 ዓም ኣብ ባዝል ስወስራ ተኻይዱ ።

ቀንዲ ውጺኢቱ ድማ መሰረታዊ ዕላማታቱ ፣ ምቋም ብሔራዊ ሃገር ንኣይሁዳውያንን ጉዕዞኦም ንፈለስጤም ምስላጥን ቁጠባዊ ውጥናት ምዕዋትን ዝኾነ ምንቅስቃስ ጽዮንነት ምምስራት ነሩ ።

ብዛዕባ ኣይሁዳውያን ካብቲ ተዘርግሖሙሉ ዝነበሩ ቦታታት ናብ ፈለስጤም ንምእታውን ፣ ሃገር ምምስራትን ኣብ ዝብል ትልምታቶምን መደብኣቶምን ቅድሚ ምእታውና ምድንጋራት ንምውጋድ ፣ ኣይሁዳዊ ፡ እስራኤላዊ ፣ ጽዮናዊ ንዝብል ቃላት ሓጽር ሓፈሻዊ መብረሂ ምሃብ ኣድላይ ኮይኑ ይስማዓኒ ፡-

ኣይሁዳዊ ፡ በቲ ናብ ነብይ ሙሴ ዝወረደ ሃይማኖት ዝኣምን ማለት እዩ።

እስራኤላዊ ፡ ዜግነት ናይ እስራኤል ዘሎዎ ።

ጽዮናዊ ፡ ንኣይሁዳውያን ፍሉይ ሃገር ኣብ ፈለጤምን ማእከላይ ምስራቅን ከምስረትን ፣ ኣይሁዳውያን ኣብ ካልእ ሕብረተሰብ ክኣትዉ የብሎምን ዝብል እምነት ዘሎዎን እዩ ። ንሸግራት ኢሮፓ ፍታሕ ምድላይ ዝብል እውን ሓደ ካብቲ ጽዮናዊ እምነታት እዩ ።

ጽዮንነት ፡ ድማ ዓሌታዊ ኣፈላላይ ዝዝውትር መግዛእታዊ እምነት ወይ ኣተሓሳሰባ እዩ ።

ሃገረ እስራኤል ዝቆመተሉ ኣገባብ ፣ ምስቲ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ መላእ ዓለም ዝቆማሉ ኣገባብ ይኹን መገዲ ዘይይሰማማዕ ፍሉይ መግዛእታዊ ፣ ኣብ ሃይማኖታዊ እምነት ብምምርኳስ ዝቆመት ሃገር ኢያ ። ንሱ ድማ እቲ ዝኣምንሉ ኣብ ኦሪት ተጠቂሱ ዘሎ " ኣምላኽ ንኣብራሃም ኣብ መወዳእታ ዓለም እዛ መሬት ብመሪሕነት መድሓኒ ዝኾነ መሲሕ ነጻ ኮይና ኣብ ጽዮን ኮይኑ ንመላእ ዓለም ከማሓድራ እዩ ። ደቅኻ ድማ ክወርሱዋ እዮም ። "ዝብል ጥቅሲ እዩ ።

ምንቅስቃስ ጽዮንነት ምስ ተራኣየ ገለ ኣይሁዳውያን ውድባት ነቲ ሃይማኖታዊ ጠቀስ ዝኾነ ወገናቱ ተጻርሮሞ እዮም ። ገለ ካብኦም ድማ ናጦሪ ካርታ ዝባሃሉ ኣብ ኣሜሪካ ኣለዉ ። እዚኣቶም ድማ ምምላስ ኣይሁዳውያን ናብ ፈለስጤም ከምቲ ኣብ ኦሪት ዝተጠቅሰ ምስ ምምጻእ ናይቲ ኣድሓኒ ዝኾነ መሲሕ ዝታኣሳሰር ዳኣምበር ብመሪሕነት ፖለቲካዊ ምንቅስቃስ ከም ብዓለማዊ ጽዮንነት ተመሪሑ ዝፍጸም ኣይኮነን ዝብል እምነት ኣለዎም ። ብሃገር ወይ ዳውላ ናይ እስራኤል ድማ ኣይኣምኑን ። እቲ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ዝወረደ ስደትን ምብትታንን ድማ ብኣምላኽ ዝተፈርደ ጉዳይ እዩ ኢሎም ይኣምኑ ።

ብካልእ ሸነኽ ብዛዕባ እቶም ካብ ኣብራሃብ ዝውለዱ ዝምለሱላ መሬት ብዝምልከት ከምቲ ምስዚ ዝተታሓሓዘ ናይ ኦሪት ጥቅስታት ዝብሎ ፣ መሬት ካንዓናውያን እውን ተባህሉ ኣሎ ። ቀደም መሬት ካንዓን ዝጽዋዕ ዝነበረ መሬት ድማ ሎሚ ብዝዋሓደ ሸውዓተ ሃገራት ኣለዋ ። እስራኤላውያን ሓደሓደ ግዜ ድማ መሬት እስራኤል ካብ ሩባ ናይል ክሳብ ሩባ ፉራት (ዕራቅ) እዩ ይብሉ ። እቲ መሬት ናይቶም ካብ ኣብራሃም ዝውለዱ እንተዳኣ ኮይኑ ንሕና እውን ካብ ኣብራሃም ንውለድ ዝብሉ ዓረብ ደቂ እስማዒል ድማ ኣለዉ ። ንምኳኑ ኩሎም ኣይሁዳውያን ብርግጽ ምስ ኣብራሃም ዘተኣሳስር ናይ ትውሊዲ ሓረጋት ኣሎዎም ድዩ ዝብል ሕቶ እውን ኣሎ ። ብዝኾነ እዚ እቲ ብዛዕባ እስራኤል ዝቆመትሉ ሃይማኖታዊ እምነትን ትርጉማቱን ዘልዕሎ ሕቶታትን ጽልዋታቱን ኮይኑ ፣ እምነት ወይ ድልየት ናይ ኣይሁዳውያን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ፡-

ኢሮፓውያን ገዛእቲ ብሰንኪ ኣይሁዳውያን ዓቅሎም ምስ ጸበቦም ፣ ካብ ሃገሮም ኣውጽኦም ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ከስፍሩዎም ብማለት ዝተፈላለየ ርእይቶታትን ትልምታትን ንምድላው ተበግሶም ። ትልምታቶም ድማ ብሓደ ግዜ ክልተ ዕላማታት ዘረጋግጽ እዩ ነሩ ። ንሱ ድማ ኣይሁዳውያን ካብኦም ከምዝርሕቁ ምግባርን ፣ ኣብቲ ዝኸዱሉ ዞናታት ንጠቅሞም ዘገልግል ሓይሊ ክኾኑን ዝብል ነሩ ።

እቲ ምግዓዞም ዝብል ናይ ፈለማ ርእይቶ ዘምጸኤ ድማ ፣ ናብልዮን ቦናባርት ግብጺ ንምሓዝ ቀዳማይ ፈተነኡ ምስ ፈሸለ 1798 - 1809 ዓም ፣ ንኣይሁዳውያን ናብታ ቅድስቲ መሬትኩም ንምብጻሕ ሓግዙኒ ዝብል ጻዊዒት ኣቅርቡሎም ከምዝነበረ ይዝንቶ ። ዝተፈላለየ ካልእ ርእይቶታት እውን ነሩ ገለ ካብኡ ፣ ኣመሪካዊ ኣይሁዳዊ ሞርዶኻይ ማንወል ኖህ ፣ ኣብ ኒዩዮርክ ኣይሁዳውያን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝተኣኻኸቡሉ ኣራራት ዝባሃል ሃገር ምቛም ዝብል ሓሳብ ነሩዎ ፣ እዚ ድማ 123 ዓመት ቅድሚ እስራኤል ምቛማ ነሩ ። ኣራራት ድማ ሽም ናይቲ መርከብ ነብይ ኖህ ዝዓሸገትሉ ጎቦ እዩ ። ኣመሪካ እታ ኣሁዳውያን ዝምለሱላ ቅድስቲ ሃገር እያ ። እቶም ቀንዲ ተቀማጦ ቀያሕቲ ህንዳውያን ናይ ኣመሪካ ድማ ካብቶም ቀዳሞት ዝጠፈኡ ዘርኢ እስራኤል እዮም ዝብል እምነት ነሩዎ ። እዚ ሓሳብ ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ፈሺሉ ። መጀመርታ ዕስራ ክፍለ ዘመን ድማ ብገዛእቲ መንግስታት ፣ ኣብታ ትሕቲ እንግሊዝ ዝነበረት ምስራቅ ኣፍሪካ ኣብ ኪንያ ፣ ብትልሚ(ፕሮጀክት) ኡጋንዳ ዝፍለጥ መሬት ካብ ዝተፈላለየ ዓለም ዝመጹ ፣ ካብ ሓደ ምልዮም ዘይውሕዱ ኣይሁዳውያን ዝሰፍሩላን ፣ ፖለቲካውን ወታሃደራዊ ምልመላ ዝወስዱላን ቦታ ክትኾውን ዝብል ሓሳብ ነሩ ። እዚ ድማ ብቴዶር ሀርትዘል ዝተደገፈ ሓሳብ እዩ ። ናይ ሶፊየት ተሞክሮ እውን ነሩ ፣ ንሱ ድማ ጆሴፍ እስታሊን ብ 1934 ዓም ፣ ኣብ ዞባ ኦብላስቲ ርእሲ ከተማኣ ቢሮቢጃን ዝኾነት መሬት ኣይሁዳውያን ክነብሩላ ፍሉይ ርእሰ ምምሕዳር ተዋህቡዎም ። ከምኡ እውን ኣብ ኡክራንያ ፍሉይ ምምሕዳር ኣይሁዳውያን ዘሎዎ ዞባታት ናይ ንምምስራት ፈተነ ነሩ ። ኣብ ባሕራይንን ምብራቅ ሱዑድያ ኣብ ኣውራጃ ኢሕሳእ ክጣየሱ ዝብል ሓሳብ እውን ነሩ ፣ ይኹን እምበር ብሪጣንያ ኣይተቀበለቶን ። ብ1940 ዓም ድማ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ማዳቃሽቃር ክጣየሱ ዝብል ብሳልሳይ ራይኽ ናይ ጀርምርን ዝቀረበ ሓሳብ ነሩ ። ወጻኢ ጉዳይ ሚንስተር ብሪጣንያ ኤደን ብዕለት 15 መጋቢት 1943 ዓም ኣብ ዋሽንቶን ኣብ ሞንጎ ገዛእቲ ሃገራት ኣብ ዝተገብረ ኣኼባ ፣ ነቶም ኣብ ትሕቲ ግዝኣታት ጀርመን ዘሎ ቦታታት ፣ ኣብ ሃንጋሪ ፣ ሩማንያ ፣ ቡልጋሪያ ዘሎዉ ኣይሁዳውያን ንምድሓን ፣ ኣብ ኤርትራ ክጣየሱ ዝብል ሓሳብ ኣቅርቡ ነሩ ። ሽዑ ድማ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ እያ ነራ ። ከምኡ ድማ ኣብ ልዕሊ ምስሪ ፣ ንኣይሁዳውያን ኣብ ዓሪሽን ሲናይን ንምጥያስ ተጸዕኖታት ይግበር ነሩ ። ምስሪ ግን ትጻሪራቶ ። ብድሕሪዚ ንኣይሁዳውያን ወጻኢ ካብ ፈለስጤም ምጥያሶም ዝብል ሓሳብ ዉዱቅ ኮይኑ ፣ ዝጣየሱሉ ሃገር ኣብቲ ምስኦም ታሪኻዊ ምትእስሳር ዘሎዎ መሬት ፈለስጤም ጥራሕ ዘቶከረ ኮይኑ ። እዛ ገዛእቲ ሓይሊታት ዝምስርቱዋ ሃገር ድማ መግዛእታዊ ትልምታቶም ንምዕዋት መሳረሒ ክትኾኖም ፣ ዕብላሌኦም ንምርግጋጽ እትሕግዝ ኮይና ፣ ንምንጭታት ነዳድን ማይን ኣህጉራዊ መራኸብታት ንምቁጽጻር ከበቅዑ ኣብ ሕምብርቲ ማእከላይ ምብራቅ ክትኾውን ተመድቡ ። እዚ ድማ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለየ ወገናት ዓለም ፣ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ቀንዲ ተቀማጦ ኣመሪካ ፣ ቀያሕቲ ህንዳውያን ከምኡ እውን ኣብ ኣውስትራልያን ኣፍሪካን ወዘተ ዝተፈጸመ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣባት ናይቲ መሬት ብዘይርህራሄ ህልቂት ብምፍጻምን ብምብራርን ግዝኣታቶም ምስፍሕፋሕ ፣ ከምኡ እውን ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኣንጻር ስልጣኖም ዝላዓሉ ወይ ተደለይቲ ዘይኮኑ ኣካላት ናብቲ ዝሕዙዎ መሬት የግዕዙዎም ከምዝነበሩ ድማ ፍሉጥ ተግባራቶም እዩ።

ኣይሁዳውያን ወይ ጽዮናውያን ፣ ካብ ፈለስጤም ንኣዕራብ ከይኣልገስካ እስራኤል ክትህሉ ኣይትኽእልን ዝብል ጭርሖ ብምልዓል ፣ ንፈለስጤም ገጾም ምግዓዝ ጀምሮም ። ነቲ ኣብ ፈለስጤም ዝመስረቱዎ ግዝኣታት ንምሕጋዝ ድማ ዝተፈላለያ ውድባትን ማሕቤራትን ብምምስራት ምንጭታት ናይ ገንዘብ ፈጢሮም ። ሞራላውን ንዋታውን ደገፋት ድማ ካብቶም ብዓለማዊ ጽዮንነት ዝውከሉ ገዛእቲ ሃገራት ብሪጣንያን ኣመሪካን ፈረንሳን ወዘተ ይረኽቡ ነሮም ። ኣብ ፈለስጤም መሬት ንምርካብ ዝሕግዝ ኣይሁዳዊ ብሄራዊ ገንዘባዊ ሳጹን ኣብ ሎንዶን ተገይሩ ። ንፈለስጤም ገጾም ምውሓዝ ቀጺሎም ፣ ኣብ ፈለስጤም እታ ቀዳመይቲ ዝተንብጠት ጽዮናዊት መሬት ብ 1878 ዓም ቆይማ ። ተውሳኺ መሬት ንምሓዝ ጻዕሪታቶም ቀጻሊ ነሩ ። ንምሳሌ ሊዮኒል ዲሮሽልድ ቶሊ ዝባሃል ኣንግሊዛዊ ኣይሁዳዊ ሚልዮነር ብ1882 ዓም ሓላፍነት ናይ 12 ሽሕ ኣይሁዳውያን ዝጣየስሉ ቦታታት ንምድላው

ሓላፍነት ተሰኪሙ ነሩ ። ዑስማናውያን መሬት ንምግዛእ ከፍቅዱሎም ድማ ገንዘባዊ ሓገዛት ብምውፋይ ከገዝኡዎም ዝተፈላለየ ፈተናታት የካይዱ ነሮም ። ኣንተኾነ ዑስማናውያን መደባቶም ምስ በረሃሎም ንጠለባቶም ይቅበሉ ኣይነበሩን ። ኣብዚ መዳይ ዑስማናውያን መራሒ ካልኣይ ሱልጣን ዓብዱልሓሚድ ብ 1876 ዓም ዘረብኡ " ሓደ ስድሪ እውን ትኹን ኣይንህብን ፣ ፈለስጤም ልዕሊ ሬሳታትና እንተዘይኮይኑ ኣይትሽየጥን ኣይትምቀልን ፣ ብደምና ክንከላኸለላ ኢና " ዝብል ንጹር መርገጽ ከምዝነበሮ ይዝከር ። ድሕሪዚ ጻዕሪታት ገዛእቲ ሃገራት ንዑስማናውያን ኣብ ምድኻምን ምውዳቅን ዘድሃበ ነሩ ። ጉዕዞ ኣይሁዳውያን ንፈለስጤም ብ 1840 ዓም እዩ ተጀምሩ ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜያት ፣ ነቲ ዝነበረ ሚዛን ተቀማጦ ዝህድድ ስሌ ዘይነበረ ምእታዎም ክልኩል ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ ግን መንግስቲ ዑስማናውያን (ቱርኪ) ተዳኺማ ተገማምዓ እቲ ናይ መወዳእታ ሓያል ሱልጣን ዝነበረ ዓብዱልሓሚድ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ ። እቶም ብናይ ምዕራባውያን ርእይቶታት ዝተጸልዉ ፣ ኣንጻር ሱልጣናዊ ስርዓት ቱርኪ ዝተላዕሉ ፣ ብምንቅስቃስ መንእሰያት ቱርኪ ዝፍለጡ ብሄራውያን ተቃወምቲ ስልጣን ምስ ሓዙ ድማ ፣ ኣይሁዳውያን ኣብ ፈለስጤም ናይ ምእታውን መሬት ምግዛእን ምሓዝን ዕድላቶም ዛይዱ ። ከምኡ እውን ኣብ ሞንጎ ብሪጣንያን ፈረንሳን ሩስያን ብሳይክስ ቢኮ ዝፍለጥ ነተን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ዑስማናውያን ዝነበራ ሃገራት ኣዕራብ ክመቃቀሉወን ምስጥራዊ ስምምዕ ገረን ። እዚ ድማ ድሕሪ ውድቀት ቃይሳር ናይ ሩሲያ ቦልሸቪካውያ ብ 1917 ዓም ኣብ ስልጣን ምስ በጹሑ ዝተገልጸ ምስጥር እዩ ።

ብሪጣንያ ድማ ብግሁድ ብሄራዊ ሃገር ንኣይሁዳውያን ምምስራት ዝብል ብመብጻዓ በልፎር ዝፍለጥ መብጻዓ ብ1917 ዓም ኣዊጃ ። ብ 1922 ፈለስጤም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ኣቲያ ። ብሪጣንያ ድማ መሬት ፈለስጤም ንምጉባጥ ዝካየድ ዝነበረ መደባትን ወታሃደራዊ ክንፈታት ኣይሁዳውያንን ዝፍጽሙዎ ዝነበሩ ተግባራትን ኩሉ ብምድጋፍ ከም ዘይራኣየቶ ሸለል ትብሎ ነራ ። ኣይሁዳውያን ድማ ብብዝሒ ካብ ኩሉ ዓለም ንፈለስጤም ገጾም ተጓዓዙ ። ንምሳሌ ብ25 ነሓሴ 1933 ካብ ጀርመን ኣብ ሞንጎ ኣይሁዳዊ ትካልን ጀርመንን ዝተገብረ ስምምዕ መሰረት 50 ሽሕ ኣቲዮም።

ነዚ ጎበጣ ናይ ኣይሁዳውያን ዝጻረር ሰውራ ፈለስጤም ብሓፈሻ ብ1920 ተጀምሩ ። ዕላማታቱ ብግሁድ ዘነጸረ ሰውራ ግን ብመሪሕነት ዕዛዲን ቃሳም ብ1936 እዩ ተጀምሩ ። ፈለስጥናውያን ድማ ናይ ምቕዋም ሰልፊታት የካይዱ ነሮም ። መሰረታዊ ጠለባቶም ድማ ዝስዕብ የጠቃልል :-

ፍቱሕ ጉዕዞ ኣይሁዳውያን ንፈለስጤም ጠጠው ክብል ።

ዋንነት መሬት ናብ ኣይሁዳውያን ከይይሰጋገር ።

ነቲ ብሪጣንያ ተዳልዎ ዝነበረት መደብ ምምቃል መሬት ፈለስጤም ዘይምቅባል ።

ብሄራዊ ዓረብነት ናይ ፈለስጤም ይታዓቀብ ዝብልን ነሩ ።

ኣብዚ እዋን ኣይሁዳውያን ፖለቲካውን ወታሃደራዊ ሓይልን ክምስርቱ ክኢሎም ፣ እንግሊዛውያን ድማ ንግፍዕታቶም ጠጠው ንምባል ይግደሱ ስሌ ዘይነበሩ ጸጥታዊ ኩነታት እንዳከፈኤ ከይዱ ፣ ኣብ መወዳእታ ጉዳዩ ናብ ጠቅላላ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ቀሪቡ ። ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ብዕሴት 29 ሕዳር 1947 ዓም ብመሰረት ውሳኔ ቁጽሪ 181 ፈለስጤም ኣብ ክልተ ተመቂላ ፣ ዳውላ ናይ ዓረብን ዳውላ ናይ ኣይሁዳውያንን ክትኾውን ፣ ከተማ ኢዮረሳለም ድማ ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ምቁጽጻር ኮይና ክትማሓደር ተወሰኑ ። ናይ ክልቲኡ ወገናት ስፍሓት መሬትን ዶባትን ድማ ተወሰኑ ። ኣብዚኣ ነቶም ዝዋሓደ ቁጽሪ ዝነበሮም ኣይሁዳውያን ዝሰፈሔ መሬት ተዋሂቡ እዩ ፣ ማለት 56% ንኣይሁዳውያን 43% ንፈለስጤማውያን 1% ድማ ኢዮረሳለም ነራ ።

ምምሕዳር እንግሊዝ ብዕሉት 14 ግንቦት 1948 ካብ ፈለስጤም ስሒቡ ። ኣይሁዳውያን ድማ ብቀጥታ እስራኤል ዝብል ሃገር ከምዘቆሙ ኣዊጆም ። እታ ቀዳመይቲ ብቅጽበት ንእስራኤል ኣፍልጦ ዝሃበት ሃገር ድማ ኣመሪካ እያ ። ካልኦት ሃገራት ድማ ብተኸታታሊ ኣፍልጦ ህበናኣ ፣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ድማ ብ1949 ኣባል ኮይና ።

እስራኤል ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ፈለስጤማውያን ፈለስጤም ሃገሮም ምኳናን ብመሰላቶምን ኣይትኣምንን እያ ። እቲ እስራኤል ዝብል ሃገር ሽም ድማ እቲ ዝተውሰነሎም መሬት ጥራሕ ዘይኮነስ ንኩላ ፈለስጤም ዘጠቓለለ እዩ ። ቀንዲ ዕላማኦም ድማ ንፈለስጤማውያን ኣባርርካ መሬቶም ምውራስ እዩ ። ነዚ ዕላማ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ድማ ኣብ ምስጓግን ምቅታልን ይምርኮሱ ።

ኣይሁዳውያን መሬት ንምጕባጥ ተዋፍሮም ከሎዉ ፣ ንኣይሁዳውያን ተቀማጦ ወታሃደራዊ ታዕሊም ዝህብ ትካላት መስሪቶም ነሮም ፣ ቀንዲ ካብኤን ድማ (ሃጋና ፣ ባልማኽ ፣ ኣራጎን ፣ ሽትሪን ) ዝባሃላ እየን ። ሃጋና ድማ እቶም ቀዳሞት እምኒ መሰረት ወታሃደራዊ ሓይሊ እስራኤል ኮይኖም ፣ ብ1921 ዓም ንኣይሁዳውያንን ንብረቶምን ንምክልኻል ዝተመስረቱ እዮም ። ኣብቲ እዋን 50 ኣይሁዳውያን ዝቅመጡሉ ዝተንብጠ ፍሉይ ቦታታት ነሩ ። እዚ ሓይሊ ምስ ተመስረተ ድማ ካብቶም ብሪጣንያ ዝመልመሎቶም ኣብ ባልቃን ብ1917 ኣብ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ኣብ ጎና ኮይኖም ዝተዋገኡ ፣ ዘፋነወቶም ካብ ኣይሁዳውያን ዝቆመ ክፍለ ሰራዊት ብዙሓት ተጸንብሮሞ ። እስራኤል ብ1948 ከም ሃገር ምስ ቆመት ኣይሁዳውያን ገዚፍ ወታሃደራዊ ሓይሊ ነሩዎም ። ኣስታት ሓደ ምልዮን ዝበጽሕ ቅሩብ ተዋጋኢ ሓይሊ ነሩ ። ካብቶም 600 ሽሕ ዝኾኑ ብግዜ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ሰራዊት ኣመሪካ የገልግሉ ዝነበሩን ፣ ኣስታት 500 ሽሕ ምስ ሶፊየት ዝነበሩን ፣ ካብቲ 70 ሽሕ ዝበጽሕ ምስ ብሪጣንያ ዘገልግል ዝነበረ ዝተፋነወ ክፍለ ሰራዊት ዝተዋጸኡን ፣ 15 ሽሕ ምስ ፖላንዳ ዝነበሩ ኣይሁዳውያንን የጠቓልል ። ኣብቲ ምስ ምእዋጅ ምቋም እስራኤል ፣ ዓመተ ዕንወት ተባህሉ ዝጽዋዕ ፣ ምስ ኣዕራብ ብ1948 ዝተገብረ ውግእ ድማ ብዝተፈላለየ ምስ ምልመላ ፣ ምዕጣቅ ፣ ምድላዋት ፣ ናይ ውግእ ውጥንን ሰብኣዊ ዓቅምን ዝተታሓሓዘ ምኽንያታት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኣዕራብ ዓወት ኣመዝግቦም እዮም ። 77% ካብ መሬት ፈለስጤም ድማ ተቆጻጽሮሞ ። እዘን ሃገራት ኣዕራብ ድማ ንባዕለን ኣብ ትሕቲ እተን ገዛእቲ ሃገራት ዝነበራ ኮይነን ክሳብ ኣጽዋር ንምርካብ ናብኦም ይምርኮሳ ዝነበራ እየን ። ከምቲ ዝተገልጸ ቅድሚ እዚ ውግእን ድሕሪኡን ድማ ኣይሁዳውያን ኣብ ልዕሊ ፈለስጤማውያን ብዙሕ መቅተልትን ግፍዕታትን ካብ ዓድታቶም ናይ ምስጓግን ስጉምትታትን ይወስዱ ነሮም እዮም ። ንኣብነት እቲ ናይ 1948 ማሕረድቲ ዳይር ያሲን ኡኹል መረዳእታ እዩ ። ብግዜ ውግእ 1948 ድማ 750 ሽሕ ተቀማጦ ፈለስጤማውያን ካብ ዓዶም ተሰጊጎም ። ብምልዮናት ዝቁጸሩ ድማ ንጆርዳን ተሰድዶም ። እቲ ውግእ ጠጠው ምስ በለ ድማ ንዓዶም ምምላስ ተኸልክሎም ። ድሕሪቲ ብ1967 ንሽድሽተ ማዓልቲ ዝተኻየደ ውግእ እስራኤል ፣ ንቃዛን ምዕራባዊ ዳፋን ተቆጻጽራቶ ። 350 ሽሕ ፈለስጤማውያን ድማ መብዛሕትኦም ናብ ጆርዳን ተሰድዶም ። ካብ ውሽጢ ኢዮረሳለም ድማ እቲ ምስ መንደቅ ቡራቃ ዝላገብ ዝነበረ ሞሮኮውያን ሰፈር ተባህሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ቦታ 6000 ፈለስጤማውያን ተሰግጎም ። መሬቶም ተገብቱ 135 ገዛውትን ድኳናትን ፈሪሱ።

እዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ናይ ምቅታልን ምፍራስን መሬት ምጕባጥን ተግባራት ድማ ቅድሚ 76 ዓመት ተጀምሩ ዝቅጽል ዘሎ ጉዳይ ኮይኑ ፣ ሎሚ እውን ኩሉ ብዓለም ለኻዊ ትካላት ዝተማሓላለፈ ውሳኔታት ተረግጹ ፣ ዓለም ኩሉ እንዳራኣየን እንዳ ሰመዔን ኣብ ቃዛን ምዕራባዊ ዳፋን ዝቅጽል ዘሎ ግፍዒ ነቲ እኪይ ዕላማ እስራኤልን ዓለማዊ ጽዮንነትን ዘንጸባርቅ ዓብይ መርኣያ እዩ ።

**ብዝሒ ተቀማጦ ፈለስጤም**

ኣብ መጀመርታ ብብሪጣንያ ዝተመዝገበ ብዝሒ ተቀማጦ ፈለስጤም ብ1922 ኣብ ዝተኻየደ እስታቲክስ (ፍቅዲ) ፣ ብዝሒ ፈለስጠማውያን 78% ኣስላም 11% ድማ ክርስትያን ነሮም ። ኣይሁዳውያን ድማ 9,6 % ነሮም ።

ትካል ኣይሁዳውያን ብምኽንያት ዕብራይስጢ ሓድሽ ዓመት ብ 2022 ዓም ከም ዘውጸኦ ፣ ብዝሒ ኣይሁዳውያን ኣብ ዓለም 15,3 ምልዮን ይኾውን ። መብዛሕትኦም ድማ እስራኤላውያን ኣይኮኑን ። ወጻኢ ካብ እስራኤል ዘሎዉ ኣይሁዳውያን 7,08 ምልዮን እዮም ። ኣብ ውሽጢ እስራኤል ዘሎዉ 46,2 % እዮም ። ካልኣይ ዝላዓለ ብዝሒ ኣይሁዳውያን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከብ ኮይኑ ቁጽሮም 6 ምልዮን እዩ ። 500 ሽሕ ዝኾኑ ኣብ ኣስራኤል ከም ኣይሁዳውያን ዘይተመዝገቡ ኣካላት ድማ ኣለዉ ። ዝተረፉ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዓለም ዘሎዉ እዮም ።

ከምቲ ማእከላዊ መደበር እስታትክስ ናይ ፈለስጤም ዘውጸኦ ፣ ብዝሒ ፈለስጤማውያን ኣብ መወዳእታ 2023 ዓም 14,8 ሚልዮን በጺሑ ። ኣብ ውሽጢ ፈለስጤም 5,55 ምልዮን ይርከቡ ። ሓደ ስሶ ንልዕሊ ካብኦም ኣብ ቃዛ ይርከቡ ። ኣስታት 1,75 ምልዮን ድማ ኣብ መሬት 1948 ይርከቡ ። 6,56 ምልዮን ድማ ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ኣለዉ ። ኣስታት 772 ሽሕ ድማ ኣብ ዝረፈላለያ ወጻኢ ሃገራት ይርከቡ ።

**ምንጪ ሓቤረታታት ፡**

90 % ካብ ዝተፈላለየ ኣብ ጉግል ዝተጻሕፈ ናይ ዝተፈላለያ መጽናዕቲ ማዕከናትን ፣ ጻሓፍትን ፣ ዝተፈላለዩ ተመራመርትን ካብ ዘውጽኡዎ ጽሑፋት ዝተቀድሔ እዩ።

**ዓብደላ ሓሰን**